መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# የሱስ ዝገበሮ ተኣምራታት



ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter; Sarah S.
ትርጉም ፥ Daniel Efrem
ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



የሱስ ብዙሕ ተኣምራት ገይሩ እዩ። ታምራት የሱስ እቲ ናይ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ምልክት እዩ፡፡እታ ናይ መጀመርታ ትኣምራት ናይ የሱስ ኣብ ናይ መርዓ በዓል እያ ነይራ። ኣብቲ መርዓ ሓደ ዓቢ ጸገም ተፈጢሩ።ንሱ ድማ እኩል ወይኒ ኣይነበረን።




ማርያም፡ ኣዲኡ ንጎይታ የሱስ እያ፡ ነቲ ጸገም ነጊራቶ። ብድሕሪኡ ክኣ ነቶም ኣገልገልቲ "ንሱ ዝበለኩም ግበሩ" በለቶም፡፡
3
የሱስ ድማ "ነቲ ዓታሩ ማይ ምልእዎ" በሎም።
"ማይ!?" ተገሪሞም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እወ!
የሱስ ማይ ክመልእዎ እዩ ሓቲትዎም።
4
ድሕሪዚ የሱስ ነቶም
ኣገልገልቲ ካብቲ ዕትሮ
ቀድሖም ንኣቦ ዳስ ክጥዕሞ
ክወስድሉ ነገሮም፡፡ እቲ
ማይ ናብ ወይኒ ተቀይሩ!
ጥዑም ወይኒ!
ዝሓሸ ወይኒ!
5
እቶም ኣገልገልቲ ተገርሙ።
የሱስ ንማይ ናብ ወይኒ ቀየሮ፡፡
ኣምላኽ ጥራይ እዩ ከምዚ
ዓይነት ትኣምራት ዝገብር።
6
የሱስ ካልእ ተኣምራት ከኣ
ገበረ። ሓደ ምሸት ፡ ንሱን
ደቀ መዛሙርቱን ናብ
እንዳ ጴጥሮስ ገዛ ከዱ።
ሓማት ጴጥሮስ ድማ ረስኒ
ጌራ ሓሚማ ነበረት።
7
የሱስ ኢድ ናይታ ዝሓመመት ሰበይቲ ሓዘ። ኣብዛ ስዓት ረስና ሓደጋ፡
ተንሲኣ ድማ ንየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ኣገልገለቶም።
8

በቲ ምሸት፡ ዳርጋ ኩሉ እቲ ከተማ ናብቲ ገዛ መጸ፡፡ ዝሓመሙ ድማ -ዕዉራት፡ ጸማማት፡ ዓባሳትን ስንኩላንን፡ መጹ። ኣጋንንቲ ከይተረፉ ብዙሓት ይወጹ ነበሩ፡፡ የሱስ ንብዝሓት ሓጊዝዎም'ዶ!?



9

የሱስ፡ ወዲ ኣምላኽ ፡ክረድእ ይክእል እዩ። የሱስ ንብዙሓት ሓጊዙ እዩ። ኩሎም ናብኡ ዝመጹ ይፍወሱ ነበሩ። ብብዙሕ ዝሓመሙ ድማ ይከዱን ይጎዩ ነበሩ።



10

ካልኦት ውን መጹ፡ ብሕማም ኩሉ መልክዖም ዝተባላሸወ።



11

የሱስ ምስፈወሶም ድማ ኩላቶም ነጽሑን ተፈወሱን።



12

ብኣጋንንቲ ዝተሸገሩ ሰብኣይን ሰበይትን ድማ ናብ የሱስ መጹ። ንሱ ነቶም ኣጋንትቲ ክወጹ ኣዘዞም፡፡ እቶም ኣጋንንቲ ፈሪሖም ተኣዚዞም ምስ ወጹ ክኣ ኩሎም ሓዚኖም ዝነበሩ ሰባት ሕጉሳት ኮኑ።



13

ብድሕሪዚ ኩሉ ህዝቢ፡ ኣርብዕተ ሰብኡት የሱስ ንዓርኮም ክፍውሰሎም ደለዩ። ካብ ብዝሒ ሰብ ድማ ንየሱስ ክረኽብዎ ኣይክኣሉን! እንታይ ተገበሩ ይሓይሽ!?



14

እቶም እሙናት ኣዕሩኽ ነቲ
ዝሓመመ ዓርኮም ተስኪሞም ናብ
ልዕሊ እቲ የሱስ ዝነበሮ ቤት ወጹ።
ንእቲ ቦሎፎን ኣንኲሎም ድማ ነቲ
ዓርኮም ኣብ ቅድሚ
የሱስ ገበርዎም።



15

የሱስ ናይቶም
ኣርባዕተ ኣዕሩኽ
እምነት ርእዩ፡ ነቲ
ዝሓመመ ሰብኣይ፡
"ሓጢኣትካ
ተሓዲጉልካ'ዩ።
ዓራትካ ኣልዕልካ
ኪድ" በሎ። የሱስ
ነቲ ሰብኣይ ፈወሶ።



16

ድሕሪዚ፡ የሱስ ኣብ ጃልባ
ምስ ደቀ መዛሙርቱ ከሎ፡
ዘፍርሕ ማዕበል ነቲ ባሕሪ
ክርብሾ ጀመረ። የሱስ ድማ
ደቂሱ ነበረ። ደቀ መዛሙርቲ
ከኣ ስለ ዝፈርሑ ካብ ድቃሱ
ኣተስእዎ። "ጎይታ ኣድሕነና"
ካብ ፍርሃት ዝተልዕለ
ጨርሑ።



17

"ጸጥ በል!" የሱስ ነቲ ማዕበል ገንሖ። ሽዑ ንሽዑ እቲ ምዕበል ሃድአ፡፡
"ከመይ ዝበለ ሰብኣይ እዩ እዚ፡ ባሕርን ንፋስን ዝእዘዝሉ!" ደቀ መዛሙርቱ
ተገረሙ። ንሳቶም እቲ ዝኾነ ተኣምራት ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ክብሩ
ኣርኣዮም። ድቀ መዛሙርቱ፡ የሱስ ካብኡ ንላዕሊ
ገይሩ ኣብ ሞንጎ ደቂ ሰብ ንኣምላኽ
ከምዘገልግሎ ኣይፈለጡን ነበሩ።



18

የሱስ ዝገበሮ ተኣምራታት

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴዎስ 8-9፡ ማሪቆስ 1-2፡ ማሪቆስ 4፡ ሉቃስ 4፡
ሉቃስ 8፡ ወንጌል ዮውሃንስ 2

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ
ይህብ።″ መዝሙር 119፤130

19




40 60

20

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16